# *ሓበሬታ ንህዝቢ*[1]

## *ቑልዒ ሓድነት ሰዲህኤ ካብ ምቕሃም ዲሒና፡ ምሳ ነቲ ኣብ ጸላማት ብርሃን ዝራኣየ ሕልና*

*ገብረ ገብረማሪያም (ዶር.)*

*--- ኣብ መጨረሻ "ፍትሒ ኣብ ርእሲ ዓመጽ ከምትነግስ" ክርዳእ ዝኻኣለን "ናይ ፍትሒ ሕልና" ዝለበሰን ሓይሊ የድልዮ ነይሩ። ነቲ "ንዚኣቶም ዕድመ-ልክዕ ምሳኻ ዝተቃልሱ (ጀብሃ) ጉዲፍካ ከመይ ገይርካ ምስ ዘይትፈልጦም ባዓል እገሌ (ህግ) ትኸይድ" እንዳተባህለ ገዛ ገዛ ዝኸይድ ዝነበረ ነውራም ከፋፋሊ ጎስጓሳት ንምስጋር፡ ናይ መትከል ጽንዓት፣ ናይ ፍትሒ ሕልና፣ ባህርያዊ ምሉእነትን (Integrity) ኣብ ሎሚ ጽባሕ ዝርኢ ልቦናን የድሊ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ካኣ፡ ነዞም ባህርያት እዚ'ቶም ዝውንኑን ዝለበሱን፡ ሰዲህኤ፡ ናይ ዕቑብ፣ ደቂ ገዛውቲ፣ ደቂ ትምህርቲ፣ ደቂ 'ጋንታ'፣ ወ.ዘ.ተ. ማሕበር ዘይኮነስ፡ ሕቶ ፍትሒ፣ ሓድነት ህዝቢ፣ ዲሞክራሲን ልዕልና-ሕግን ኣብ ኤርትራ ንምፍታሕ ክቃልሰ ዝተሰርሐ ሰልፊ ምዃኑ ዝተርድኡን መሰረታትን ኣባላት ታሕተዎት ኣካላትን ሰዲህኤ እዮም "ንቑልዒ ሓድነት ሰዲህኤ ካብ ምቕሃም" ዘድሓንዎ። ንስለ እቲ "ኣብ ጸልማት ብርሃን ዝራኣየ ሕልነኦም" ምሳ ይሃቦም ክብል'ውን ይደሊ።*

### *ሰዲህኤ መን ኢዩ?*

ሰድህኤ መን ኢዩ ንዝብል ሕቶ መልሲ ብምሃብ ምጅማር፡ ነቲ ቀጺሉ ዝቐርብ መግለጺ/ጽሑፍ ዝያድ ብሩህ ንኽሸውን የኽእል ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ትርጉምን ዕምቖትን ናይዚ ጽሑፍ እዚ "ኣርእስቲ" ከነጽር'ውን ይክእል ኢዩ እብል።

***ሰዲህኤ እተሰገደ ኣተሓሳሰባ ኢዩ። ብብቱን/ብንጽል ከረአ ከሎ ካኣ ሓቂ፣ ፍትሒ፣ ሰላም፣ ቅሳነት፣ ፍቕሪ፣ ሕድሕዳዊ ክብሪ፣ ስኒትን ሓድነትን ንዝብላ ኣምራት ይውክል። ሰዲህኤ ዝልበሰ ስነ-ኣእምራኣዊ መንፈስ እምበር ዝጭበጥን ዝድህሰስን ባእታ ኣይኮነን። እቲ ዓንደ-ሕቘን ቐንዲ መለለዪ ሕላገት ሰዲህኤ.፡ እቲ ብናይ ክልተ ድሕረ-ባይታ ዝነበሮም ሓይልታት (ህ.ግ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን) ብዝተገበረ ሓድነታዊ ኪዳን ዝተፈጠረ ናይ ሓድነት፣ ሰላም፣ ስኒት፣ ብሩህ መጻኢን ተስፋን መንፈስ ኢዩ። መሰርሕ ሓድነት ጕዕዞ እምበር ናይ ሓደ ጊዜ ወይ ናይ ሓደ ህሞት ፍጻሜ ስለዘይኮነ፡ መሰርሕ ሓድነት በቶም ነዚ መንፈስ እዚ ዝለበሱ ባእታት ብቐጻሊ ክኹስኮስን ሕድህዳዊ ምትእምማን ከምገብን ይግባእ። ሰዲህኤ ዓኹኹን ደልዲሉን፡ ናይ ዝሓለፈ ብሰንኪ ጉድለት ሓድነት ንዝተፈጸሙ ገይጋታት ዝእረምሉ ባይታ ዘንጽፍን፡ ንሕጂን ንመጻእን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነት ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበሩ ቃልሰታት ከምመንጠሪ ዘንጊ ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል ዝነበረ ኣገዳሲ ኣታሓሳሰባ ኢዩ። ነዚ ኣታሓሳሰባ እዚ ለብሰና ኢሎም ናይ ሓድነት ኪዳን ዘቖሙ ሓይልታት፡ ከም ተራ ሰባት ወይ'ውን ከም እኩባት ሰባት ወይ'ውን ከም ተራ ሰልፍታት ዝጥመቱ ዘይኮኑስ እንታይ ዳኣ ከም ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተጻራሪ ናይ ሓርነታዊ ቃልሲ ታሪኽን ድሕረ-ባይታን ዝውክሉ ባእታት ኮይኖም፡ ነቲ ዝሓለፈ ናይ ምብትታንን ፋሕን ታሪኽ ዓጽዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንሓለፈ ናይ ቃልሲ ታሪኹ ብምቕርራብን መጻኢ ሓድነቱ ብምርግጋጽን፡ ኣብ ኤርትራ ፍጹም ነባሪ ሓድነት፣ ፍትሒ፣ ልዕልና ሕጊ፣ ዲሞክራሲ፣ ሰላምን ዕብየትን ንኸረጋገጽ ንኽጽዕቱ ኪዳን ዝኣተዉ ኢዮም ነይሮም። ስለዝኾነ፡ ሰዲህኤ ዝተበታተነ ንምጥርናፍ ዝጽዕት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኩለንተንኡ ኣንጻር ምብትታን፣ ምፍንጫልን ምፍንጫላትን ንኽሸውን ዝተፈጥረ ሰልፊ ኢዩ'ውን ነይሩ። ኢዚ ካኣ ባህግን ድሌትን ናይቶም ዘቖምዎ መሰረታት/ኣባላት ጥራሕ ዘኮነስ፡ እንተላይ ናይ ኩሉ ደላይ ፍትሕን ሓድነትን ዝኾነ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ኢዩ'ውን ነይሩ።***

ይኹን'ምበር፡ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኣብ ሰዲህኤ ኣብዘን ዝሓለፋ 3-4 ዓመታት (2014-2017) ብዞሕ ሓርጎጽጎጽ ከምዝጸንሐን፡ እቲ መሰረታዊ ጠንቂ ናይቲ ጸገማት ካኣ፡ ኣኻይዳን ባህርያትን ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፊ ነበር ምንባሩን

---

[1] *እዚ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ሰዲህኤ ተፈጢሩ ዝነበረ ንውሽጣዊ ሓድነት ዝህውኽ ኩነታትን ንምእላዩ ክካየዱ ዝጽንሑ ጻዕርታትን ምስተዛዘሙ፡ ንህዝቢ መግለጺ ክህብ ምዃነይ ብዝኣተኹዎ መብጸዓ መሰረት ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ ምዃኑ ክሕብር እደሊ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ እቶም ክግበሩ ዝጸንሑ ነቲ ሽግር ናይ ምፍታሕ ጻዕርታት ብሰንኪ እምቢታ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ኣይታዓወቱን። ኣብ መጨረሻ ካኣ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ካብቶም ንሰዲህኤ ዘቖሙ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታታት ዝነበሮም ሓይልታት፡ ውሑዳት ናይ ሓደ ሸንኺ ጥራሕ ሒዙ ተጎሊሉ ካብ ሰዲህኤ ከይዱ። እቶም ዝተረፉ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰዲህኤ፡ ንሓድነት ሰዲህኤ ብምድሓን ተለኺታት ሰዲህኤ ንምፍጻም ቃልሶም ቀጺሎም ምህላዎም ንህዝቢ ክሕብር እደሊ።ንኹሎም ጽቡቕ ድሌታቶም ዝለገሱን ተበግሶታት ንዝወሰዱ ምስጋና ይብጻሓዮም'ውን ንብል። ከምቲ ንስኻትኩም'ውን እትፈልጥዎን እትብልዎን፡ ሰዲህኤ ናይ "ህዝቢ" ሰልፊ ኢዩ። ሕጂ ሓድነቱ ዓቂቡ ቃልሱ ብዝላዓለ ደረጃን ናህርን ንምቕጻል ሓገዝኩም ከምወትሩ ከይፍለዮ እላቦ።*

[በብጊዚኡ ንህዝቢ ክግለጽ] ጸኒሑ ኢዩ። ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዓመታት፡ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፊ ነበር (ብሓው መንግስተኣብ ኣስመሮም ዝምራሕ ዝነበረ) ንባዕሉ ከም ሕጊ ቆጺሩ፡ ንልዕልና-ሕጊ ብምርጋጽን ንቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስን ብዙሓት [ዘይቅዋማውን ዘይሕጋውን ውሳኔታት ወሲኑን] ኣተግቢሩን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቶም፡ በቶም ናይ ምእራም ሓልፍነቶም ዝገብሩ ዝነበሩ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን፡ ዝቐርብሉ ዝነበሩ ናይ ምእራም ጠለባት፡ *"ኣይሰምዓኩምን፡ ኣብ ጉባኤ ዝተመረጽኩ ስለዝኾንኩ፡ ኣነ ዝበሎ ክስማዕን ክትግበርን ኣለዎ፣ ተጋጊኻ ክባሃል ኣይግባኣንን፣ ንዓይ ትሰምዑ፣ ወዘተ"* ኢሉ ብምንጻግ፡ ንሰልፊ ናብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ዘብጸሐን፡ ናይቲ ተረኽቦ ቀንዲ ተሓታቲ'ውን ንሱ ኢዩ። እቶም ብጥርኑፍ ዝግለጹ ዘይቅዋማውያን፣ ዘይፍትሓውያንን ዘይሓላፍነታውያንን ውሳኔታትን ትግባሬኦምን (ምድስካል/ምስጓግ ኣባላት፣ ምስጓግ መሪሕነት ዞባ፣ ወዘተ) ገድፍካ፡ መሪሕነት ሰልፊ ነበር ዘካይዶም ተጻባእቲ ናይ ታህዲድ (blackmailing)፣ ጸለመ (maligning)፣ ጠቐነ (denigrating)፣ ምንጻል (marginalizing)) ጎስጓሳት፡ ኣብ ሰልፊ ዘይቅርዑውን ተረባጽን ኩነታት ብምፍጣር ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ፡ ኣብ ክንዲ ሰላምን ስኒትን፡ ምጥፍናን ተፈጢሩ ሰልፊ ናብ ዘይተደልየ ሓርጎጽጎጽ ከምዘምርሕን ናብ ***ደቕደቕ ጸላም*** ከምዝሸመም ገይሮሞ ኢዮም። ላዕለዋይ መሪሕነት ፡ ኣብ ጊዜ ቅልውላው፡ ዓቃል፣ ህዱእ፣ ጸዋር፣ ታዓጻጻፊ፣ ውድዓውን ባዓልሓላፍነትን  ዝኸውን ኢኻ ትጽበዮ። ብግደ ሓቂ ግን፡ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ብቕዓት ስለዘይነበሮ፡ 'ኣብ መንጎ ኣባላት ናይ ሰላም፣ ፍቕሪ፣ ስኒት፣ ምርድዳእን ምክእኣልን ሃዋሁ ኣብ ክንዲ ምፍጣር፡ ናይ ባኣሲ ኣባ ጓይላ ብምኳን ንሰልፊ ናብ ናይ ደቕደቕ ጸልማት ሂወት ከምዘምርሐ ኢዩ ገይሩ።

ነቶም ኣብ ጸበብቲ ዓንኬላት (ውልቃውን ጉጅላኣውን) ዝባሃሉን ዝዝውተሩን፡ ኣግለልትን በተንትን ዘረባታት ገድፍና፡ ነቶም ኣብ ዕላውያን ኣከባታት ሰልፊ ብላዕለዎት ኣባላት መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝውርወሩ ዝነበሩ ጥራሕ እኳ እንተራኣና፡ ማዕረ ክንደይ ኣዕነውትን በተንትን ምንባሮም ምግማቱ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። እስኪ ነዞም ዝስዕቡ፡ ኣብ ዝተፈላለይ ጊዜታት ኣብ ዕላዊ ኣከባታት ሰልፍን ኣብ ናይ ህዝቢ መጋባእያታትን ብኣባላት ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝተሰንዘሩ ወስታት ንርአ፦

- *"ክንሰምዖ ዘይንደሊ ዘረባታት ክሰምዕ ዊዒልና" እንዳበለ መሰል ንሓሳቡ ዘይሳማምዑ ኣባላት መሪሕነት ክዕፍን ዝፍትን፤*
- *ማዓስ ኢና  ናይ ምስጓግ ስጉምትታት ምውሳድ ንጅምር ዝብል፤*
- *ንሕናን (ሰልፊ ህዝቢ/ሰውራዊ ባይቶ) ጋሸን ሰቲትን ኮይና ንሰዲህኤ ክንቅጽሎ ንኽእል ኢና፡ እቶም ካለኦት ናይ ሓድነት መጻምድቲ ይኹዱ ዝብል፤*
- *ኣብ ህዝቢ መጋባእያ ወዲ'ኻ፡ ንዝተፈልየ ርእይቶታት ዘለዎም መሰረታት/ኣባላት፡ ዝሃውተቱ (ህውቱታት)፡ ዝተጀነዱ (ጅኑዳት) ወ.ዘ.ተ. እንዳበልካ ምጽራፍን ክበረቶም ምግፋፍን ከም መሰሉ ገይሩ ዝቖጽር፤*
- *ሰልፊ ዋላ እንተተገምዐ ጸገም የብሉን፡ ምንም ኣይንኸውንን ኢና እንዳበለ ንህዝቢ ዝእውጅ፤ ወዘተ*

ናይ ባሓቂ፡ ንማዓልታዊ ሂወት ሰዲህኤ ናብ ጸልማት ዘእተዉ ወስታት ኢዮም ነይሮም።  ኣብ ከምዚ ዓይነት ናይ ጸልማት ሂወት ሰልፊ፡ ***"ኣብ ጸልማት ብርሃን ዝራኣዩ"*** መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰዲህኤ፡ መሪሕነት ሰልፊ ንዝፈጸሞም ቅዋማዊ ጥሕሰታትን ምግሃሳት ልዕልና-ሕግን ብምእራም፡ ኣብ ሰልፊ ናይ እሂን-ሚሂን ንቡር ኩነታት ፈጢሩ፡ ጸገማት ሰልፊ ኣብ *'ሰልፋዊ ዋዕላ'* ብምእታው ብልዝብ ንኽፈትሖ ቀጻልን ዘይተሓለለን ጻዕርታት ክገብሩ ኢዮም ጸኒሖም ነይሮም። ከም ግደ ሓቂ፡ ንሓደ "ሰላማውን ዲሞክራስያውን ቃልሲ" እየ ዘኻይድ ዘለኹ ንዝብል ሰልፊ፡ ውሽጣዊ ግርጭታትን ዘይምርድዳኣትን ብሰላማዊ ኣገባብ ምፍታሕ፡ ጓናን ኣጸጋምን ክኾኖ ኣይምተገብአን ኢዩ ዝነበረ። ይኩን'ምበር፡ ኣብ ባይታ ዝነበረ ክውንነት ከምዘረጋገጾ፡ መሰረታዊ ባህርያት ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር (ልዕል ኢሉ ከምዝተገልጸ)፡ "ኣካቢ ዘይኮነስ ኣግላሊ፣ ሓብሓቢ ዘይከነስ ነጻጊ፣ ተራጻምን መላኸን" ስለዝኾነ፡ ነቶም ብተደጋጋሚ ካብ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን ዝቐርቡ ዝነበሩ ናይ ምእራም 'ለበዋታት፣ ምሕጽንታት፣ መዘክራትን ምኽርታትን' ከም ተጻይ ቆጺሩ ጸማም እዝኒ ብምሃብ፡ ምስ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን ኣብ ረጽሚ ብምታው ነቲ ጸገም ብጎነጽ ክፍተሖ መሪጹ። ብወገን መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላትን ሰልፊ፡ ***"ቅዋም ሰልፊ ይከበር፣ ልዕልና-ሕጊ ይታሓሎ፣ መሪሕነት ሰልፊ ንግዝኣተ-ሕጊ ተማእዛዚ ይኹን፣ ግርጭታት ብሰላማዊ ኣገባብ ይታኣለዩ፣ ፍልልያትና ብሰልፋዊ ዋዕላ ንፍታሓዮም፣ ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ ይዕኾኽን ይታሓሎን፣ ወዘተ"*** ኢሎም ቃልሶም ካብ ምቕጻል ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮምን። እቲ ጸገም ዝኾነ ግን፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ንባዕሉ "ከም ልዕሊ ቅዋም ሰልፊ" ገይሩ ስለዝቖጽር፡  ንሓደ ንባዕሉ ልዕሊ-ሕጊ ገይሩ ዝቖጽር ካኣ፡ ብሕጊ ክትዳንዮ ኣይካኣልን ስለዝነበረ (*ዝባን ሕጊ እንተበልካዮ፡ ንባዕለይ ሕጊ ኢየ ኢዩ ዝብለካ"*)፡ እቲ ዝተገብረ ዘይሕለል ቃልሲ ብሰንኪ *ሕንጋደ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር* ከይታዓወት ተሪፉ።  ኣብ መውዳእታ ካኣ፡ ኣባላት ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፊ ነበር፡ ንውዕል ሓድነት 2010 ብምጥላምን ካብቲ ምቛም ሰዲህኤ ዘስከሞም ሓላፍነት ብምህዳምን፡ ነቲ ዝበዝሐ ኣባል ሰልፊ ኣብ ማእከል ጎልጎል ደርብዮም፡  ውሑዳት ናይ ሰህኤ ኣባላት ዝነበሩ ጥራሕ ሒዞም ካብ ሰዲህኤ ተጎሲሎም ክይዶም።

ድሕሪ እዚ፡ እቲ መሪሕነት ሰልፊ ትጋገ ኣለኻ ኢሉ ናይ ምእራም ጻዕርታት ከገብር ዝጸንሐን፡ ኣብ መጨረሻ ካኣ ኣብ ማእከል ጎልጎል ዝተራሕረሐ፡ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን፡ ነብሱ ወዲቡ ንሰዲህኤ ካብ ምቕጻል ካልእ ምርጫ ስለዘንበሮ፡ ንሓድነት ሰዲህኤ ዓዕቍቡ ተልእኾታት ሰዲህኤ ንምፍጻም ቃልሱ ክቕጽል ጸኒሑን ኣሎን።  እቲ ብላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝተሰንዘረ ሓድነት ናይ ምስባር ወስታ፡ ኣብ ትሕዝቶ፣ ምስልን ተኽእሎን ሰዲህኤ ምንም ዘሕደሮ ጽልዋ የልቦን። ናይ ህግን ተሓኤን ድሕረ-ባይታት ዝነበሮም ሰልፍታት (ሰዲኤን ሰህኤን) ዝሓዘን፡ ንተልእኾታት ሰዲህኤ (ንፍትሒ፣ ልዕላና-ሕጊ፣ ንመሰል ኣባል፣ ንውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ፣ ንምኽባር ቅዋም ሰልፊ፣ ወ.ዘ.ተ.) ክቃለሱ ዝጸንሑ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን መራሕትን ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ብትሕዝትኡ ይኹን ብምስሉ ነቲ ኣብ 2010 ሰዲህኤ ዝብል ስም ሒጁ ዝተመስረተ ሰልፊ ዝመስል ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንሱ'ውን ኢዩ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ጉዕዞ፡ "ኣብ ጸልማት ብርሃን ክርኢ ዝኽእል ሕልና" ዝሓትት በዳዂ ቃልሲ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ። ነቶም ኩሎም ብቐጻሊ፡ ኣንጻር ወልቀ-ኣባል ይኹን ታሕተዎት ትካላት ሰልፊ፡ ብወገን ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፊ ነበር ዝግበሩ ዝነበሩ ተጻባእቲ ናይ ታህዲድ (blackmailing)፣ ጸለመ (maligning)፣ ጠቐነን (denigrating)፣ ምንጻልን (marginalizing)) ጎስጓሳት ተጻዊሩ፡ ኣብ መጨረሻ "ፍትሒ ኣብ ርእሲ ዓመጽ ከምትነግስ" ክርዳእ ዝኻኣለን "ናይ ፍትሒ ሕልና" ዝለበሰን ሓይሊ የድልዮ ነይሩ። ነቲ *"ነዚኣቶም ዕድመ-ልክዕ ምሳኻ ዝተቓልሱ (ጀብሃ) ገዲፍካ ከመይ ገይርካ ምስ ዘይትፈልጦም ባዓል እገሌ (ህግ) ትኸይድ"*እንዳተባህለ ገዛ ገዛ ዝኸይድ ዝነበረ ነውራም ከፋፋሊ ጎስጓሳት ንምስጋር፡ ናይ መትከል ጽንዓት፣ ናይ ፍትሒ ሕልና፣ ባህርያዊ ምሉእነትን (Integrity) ኣብ ሎሚ ጽባሕ ዝርኢ ልቦናን የድሊ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ካኣ፡ ነዞም ባህርያት እዚ'ቶም ዝውንኑን ዝለበሱን፡ ሰዲህኤ፡ ናይ ዕቑብ፣ ደቂ ገዛውቲ፣ ደቂ ትምህርቲ፣ ደቂ 'ጋንታ'፣ ወ.ዘ.ተ. ማሕበር ዘይኮነስ፡ ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ፡ ሕቶ ፍትሒ፣ ሓድነት ህዝቢ፣ ዲሞክራሲን ልዕልና-ሕግን ኣብ ኤርትራ ንምፍታሕ ክቃልሰ ዝተሰርሐ ሰልፊ ምዃኑ ዝተርድኡን መሰረታትን ኣባላት ታሕተዎት ኣካላትን ሰዲህኤ እዮም "ንቑልዒ ሓድነት ሰዲህኤ ካብ ምቕሃም" ዘድሓንዋ። ንስለ እቲ "ኣብ ጸልማት ብርሃን ዝራኣየ ሕልነኦም" ሞሳ ይሃቦም ክብል'ውን ይደሊ።  ነዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ስእሊ ብምውካስ፡ ሓድነት ሰዲህኤ ህያው ኮይኑ ቀጺሉ ከምዘሎ ምግንዛብ ይካኣል።

